## ጸሎት ቅድሚ ቁርባን

ኦ ጎይታ፣ ኣነ ሓጥእ ብምዃነይ ንስኻ ኣብ ልዕለይ ክትሓድር ብቑዕ ኣይኮንኩን'ሞ ንነፍሰይ ክትፍወሲ ኢኺ፤ ሓጢአትኪ ተሓዲጉልኪ እዩ በላ። ኣነ ብዘይካ እቲ ኣብ ደቂ ሰባት እትገብሮ ፍቕርኻን ምሕረትካን ርህራሄኻን ወላሓንቲ ነገር ዘይብለይን ካብ ኩሉ ሰናያት ደረቕን ጥራየይ ዘለኹን እየ። ንስኻ ካብ'ቲ ክግለጽ ዘይክኣል ክብርኻ ካብ ሰማያት ናብ ድርቅናና ዝወረድካን ኣብ መብልዕ ማል ክትውለድ ዝመጻእካን። ኦ ቅዱስ መድሓኒ፣ ናብ'ቲ ኣንጸባራቒ ህልውናኻ ንምቕራብ ትጽበ ንዘላ ቅጥቅጥቲን ድኽምትን ነፍሰይ ኣይትንጸጋ፤ ናብ ቤት እቲ ለምጻም ንኽትፍውሶ ንምእታው ኣይፈንፈንካን ኦ ኣምላኺይ፣ ናብ ነፍሰይ ኣቲኻ ከተንጽሃኒ ፍቓድካ ይኹን። ነታ ሓጢኣተኛ ሰበይቲ ካብ ኣእጋርኻ ምስዓም ኣይከልከልካያን'ሞ ካብ ንጹህ ስጋኻን ቅዱስ ደምካን ንምቕባል ክቐርብ ኣይትኽልክለኒ። እዚ ምቕባለይ፣ ምሳኻ ንኽሳተፍ፡ ንኹሉ ንክፍኣት ንከርሕቕ፡ ንመሰረታዊ ፍትወታተይ ንምቕታል፡ ምእንቲ ነፍሰይን ስጋይን ካብ ኩሉ ሓጢኣት ክነጽህ ነቶም ህይወት ወሃብቲ ትእዛዛትካ ንምፍጻም፡ ንኹሉ ውህበታትካ ንምቕባል፡ ጸጋኻ ኣባይ ንኽነብር፡ መንፈስካ ኣባይ ንኽሓድር፡ ምሳኻ ንኽሓብርን ኣባኻ ንኽጸንዕን'ሞ ንኽብሪ ቅዱስ ስምካ ክነብር ይኹነለይ። ኣሜን!!

## ጸሎት ድሕሪ ቁርባን ምቕባል

ልበይ ብሓጎስ መልሓሰይ ድማ ብደስታ መልአ። ነፍሰይ ንእግዚአብሔር ተዕብዮ መንፈሰይ ድማ ብኣምላኺይ በቲ መድሓኒየይ ባህ ይብሎ። ኦ ጎይታ፣ ናብ መርዓኻ ንምእታው መታን ክጠቕመኒ ንጹህ ልብሲ ከተልብሰኒ ናባኻ ቀረብኩ። ብእኡ ብኹሉ ሰናይ ተግባር ክዓቢ፡ ብጽኑዕ እምነት ክቕባእን ተስፋይ ዝሓየለ ክኸውንሲ

ሎሚ ምሳኻ ምሕባረይ ንኩሉ ግዜ ይኹነለይ። እዚ ሕብረት'ዚ ምልክት ምድሓን፡ ምሕዳር ጸጋ፡ ናይ ሓዲሽ ልደት ልብሲ ይኩነለይ። ንጽህናን ቅድስናን ስጋን ነፍሲን መንፈስን፡ ንጹህ ፍቕሪ፡ ዘልኣለማዊ ሓጎስን ደስታን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዘፍርሕ መንበር ፍርድኻ ጽቡቕ መልሲ ይኹነለይ። ኣነ ነፍሰይ ናብ'ቲ ዓብይ ርህራሄኻ ወፍየ እየ'ሞ ምሳኻ ሓደ ግበረኒ፡ ብፍቓድካ ክኸይድ'ውን ምርሓኒ። ንልበይ ህይወት ምላእ ንሕልናይ'ውን ኣነቓቕሕ። ሓጎስ ጸላእተይ በትን። ፈተንቲ ንኽዓርፉ ኣዝዝ። ምሳይ ኪድ፡ ፍርሐይ ኣህድእ። ንጽምኣይ ኣርውዮ፡ ሃልሃልታ ፍቕርኻ ኣብ ልበይ ኣብርህ። ኩሉ'ቲ ዘነውረኒ ዘበለ ነገር ብምሕረትካ ኣፍልጠኒ። መዓልታተይ ሓሊፉ እዩ'ሞ ኣባይ ሕደር፣ ክሳብ መዓልቲ ዕረፍተይ ድማ ኣሰንየኒ። ንስኻ ንበይንኻ ኢኻ ኦ ጎይታይ፣ ናተይ ዕላማን ሓጎስን፣ ንዘልኣለም። ኣሜን!!

እዚ ጸሎት'ዚ ብኣብ ካይሮ ዝርከብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ማሕበር ኪዳነ ምህረት ፤ ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ካብ ናይ ግብጻዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤ/ክርስትያን መጽሓፈ ጸሎት ዝተተርጎመ እዩ።